# <u>ካብ ኣብዘዘለኹዎ ምኽርዛዝን ኣንፈቱ ዘይፍለጥ ሃላልነትን መታን ክንድሕን፡-</u>

## ካልኣይ ክፋል

*ኣብ ቀዳማይ ክፋል፡ መዓስን ብኸመይ መልክዕን ይብገስ በዚ መራሒ ጥፍኣት ኣቐዲሙ ውጥን ዝተታሕዘሉ ስለ ዝነበረ ድማ፡ ኣይደንጎየን ህዝቢ ንነዊሕ ዓመታት ተሓሪምዎ ዝነበረ ጸምእ ሰላም ከየስተማቐረ፡ ተጋደልቲ ብዝተናወሐ ኲናት ዝተጎሳቖለ ኣካሎም ከይሓወየን እፎይ ከይበሉን ጀሚሩ ኣብ ዝብል ምስ በጽሐ'ዩ ተቛሪጹ ነይሩ። ካልኣይ ክፋሉ ድማ እነሆ ካብኡ ቀጺሉ ይቐርብ።*

*ናይ ሃገርነትን ነጻነት ሕቶና፡ ታሪኻዊ፣ ሕጋዊ፡ ፖለቲካዊ መርተዖ ዘለዎ ህዝባዊ ደገፍ ድማ ዘይተፈልዮ ቅኑዕን ፍትሓውን ክንሱ፡ ካብ እንክብገስ ኣብ 40ታት ጀሚሩ ፍልልይ ነይርዎ። ኣብ ፖለቲካ ናይ ርእይቶ ፍልልይ ምኽሳቱ ነውሪ ኣይኮነን። እቲ ፍልልይ ንህዝባዊ ረብሓ ማእከል ክሳብ ዝገበረ ኣማራጺ ሓሳብ ዘምጽእ፡ ኣብ ዜጋታት ድማ ፖለቲካዊ ንቕሓት ዘስፍሕ ብምኳኑ ብኣወንታ ዝውሰድ'ዩ። ናይ ርእይቶ ፍልልይ ምኽሳቱ ብኣወንታዊ ጎኑ እንተተወሲዱ ደኣ ኣበዩ እቲ ጸገም ዝብል ሕቶ ክመጽእ ባህሪያዊ'ዩ። መልሱ ድማ  ነቲ ፍልልይ ከም ዘለዎ ተቐቢልካ፡ ደረጃ ብደረጃ ካብ ዝሓለፈ ጉድለትካ ተማሂርካ ብምጽውዋር ብሓላፍነት ብብቕዓት ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣብ ምምሕዳሩ ዝነበረ ናይ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ፖለቲካዊ  ድኽመት ዝብል'ዩ።*

*እቲ  ብኹሎም ፖለቲካዊ ውድባት ብሓፈሻ፡ ብጸረ-ህዝቢ እንኮ ሰባዊ መንግስታዊ ጉጅለ ህግደፍ ከኣ ብፍላይ፡  ኣብ ፖለቲካዊ መሪሕነት፡ ፖለቲካዊ ብቕዓት፡ ጽሮት፡ ሓላፍነታዊ ኣተኣላልያ ግርጭት ከም ዝነበረ ዘስምዕ  ዝወሃብ መግለጺታት፡ ንግዝያዊ ፖለቲካውን ፕሮፖጋንዳውን ጎስጓሳት የገልግል'ዩ ተባሂሉ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ባይታ ዝነበረን ዘሎን ሓቂ ምስኡ ዝቃዶ ኣይኮነን። ኣብ 40ታት ነቲ ጀማሪ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ፡ ካብኡ ኣዝዩ ዝሰልጠነን ዝተዋደደን ናይ ደገ  ስልኳታት ብቕሉዕን ብስውሩን ክውሰኾ እንከሎ ዝፈጥሮ ዝተወሰነ ተጽዕኖ ከም ዝህሉ ጎሲኻዮ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ኣብ 40ታት ዝተራእዩ ጉድለታት ኣብ 50ታት ምቕጻሎም ግን ድኽመት 'ምበር ብቕዓት መሪሕነት ኣየመልክትን። ናትካ ጉድለት ከየልዓልካ ኲሉ ንግዳማዊ ተጽዕኖ ሂብካ ተምልጠሉ ድኽመት'ውን ኣይኮነን።  ንሓደ ሓባራዊ ሃገራዊ ሕቶ ንምምላስ ወፊርካ፡ ኣብ ውሽጥኻ ንዘጋጠመ ናይ ሓሳብ ፍልልይ፡ ብሓሳብ ክትኣሊ ወይ ከተመሓድር ዘይምኽኣል ብወሳኒ መልክዑ ናትካ ባዕላዊ ዘቤታዊ ጸገም 'ምበር ደጋዊ ኣካል ዝሕተተሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ነቲ ፍልልይ ብጸጋ ተቐቢልካ፡ ብጽሮት ብሓላፍነታዊ ስምዒት ብጻይካ ኣኽቢርካ መድረኻት እናኸፈትካ ብዘተ ብኽትዕ ብሓይሊ ሓሳብ ክትፈትሖን ከተመሓድሮን ኣብ ክንዲ ምፍታን ዝተፈልየ ሓሳብ ንዘመንጨወ ሰብ ከም ጸላኢኻ ምርኣይ፡ ብኣካል ካብ ምድረ ገጽ ንምጥፋእ ድቃስ ምስኣን ኤርትራውያን እምበር'ዶ ሜላ ፖለቲካ ምሕደራ ብግቡእ ይፋለጡ'ዮም ዝብል ኣግራሞት ዝፍጥር'ዩ።*

*ኣብ ስራሕ ዘሎ ሰብ ወይ ምንቅስቓስ ኣብ ሓደ ጉዳይ ሓደ ወይ ክልተ ግዜ ክጋገ ከም ንቡር ክውሰድ ይከኣል'ዩ። ምሉእ መድረኽ ሰላማውን ብረታውን ቃልሲ ብሓሳብ ብሰላማዊ ዘተ ክፍታሕ ንዘኽእል ፍልልይ ተሰኪምካ ሕድሕድ እናተኻሰስካን እናተቓተልካን ክትዛዘሞ ግን ፍጹም ጥዕና ናይ ዘለዎ ፖለቲካ ምልክት  ኣይኮነን። ምስቲ ኣብ ዓውደ ውግእ ዝተራእየ ዘሕብን ሃገራዊ ሓርበኝነት ጽንዓትን ተወፋይነትን ከኣ ፈጺሙ ኣይሰማማዕን። ዕጥቂ መሳርሒ ናይ ፖለቲካ'ዩ። ኣብ ኤርትራ ኣብ ፖለቲካን ዓውደ ውግእን ብተግባር ዝኾነ ግን ንፈራዲ ዘጸግም'ዩ። ወተሃደራዊ ሓርበኝነትን ጀግንነትን ደኣምበር፡  ደሞክራስያውነት፡ ህዝባውነት ዝማእከሉ ፖለቲካዊ ብልሒ፡ ሓርበኝነትን ጀግንነትን ነይሩን ኣሎን ክትብል ዘድፍር ኣይኮነን። ምሉእ መስርሕ ሰላማውን ብረታውን ቃልሲ ማለት 50 ዓመት ብምፍትፍናን ብኣካላዊ ምቅንጻጻል ተሓሊፉ።  ብፍላይ  እቲ 30 ዓመት ዝወሰደ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ኣይኮነን ዘይመሰረታዊ ፍልልይ መሰረታዊ ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ ዝበልየሉ ዝቀያየረሉ ነዊሕ ግዜ ምስ ምኻኑ፡ ንኤርትራውያን ፖለቲካዊ ሞያ ኣይለይቶምን ዘብል ተርእዮ'ዩ።*

*ምስ'ዚ ኩሉ ብስእነት ብቑዕ ቀላሲ ዝተፈጥረ ደማዊ ኲናት ሕድሕድ፡ ምንጽጻግን ምጥርጣርን ብሳላ  ኣይንምብርከኽን ሕራን፡ ልዑል ጽንዓት፡ ተወፋይነትን ህዝብን ተዋጋኢ ሰራዊትን ኤርትራ፡ መግዛእታዊ ሰራዊት ተባሪሩ። ጉዳይና ካብ ሓደ ናብ'ቲ ካልእ መድረኽ ካብ ተሰጋገረ፡ ሒዝናዮ ዝመጻእና ምትህልላኽ ምቅንጽጻል ጸለመን ምንጽጻግን መድረኽ*

*ከፊትና ህዝቢ ኣሳቲፍና ንኣልየሉ ወይ ነመሓድረሉ ምቹእ ባይታ ክምድመድ ነይርዎ። ግን ብፍላይ ብመሪሕነት ህግደፍ ኣይተደልየን። ብህዝቢ'ውን ትርጉም ዘለዎ ኣብ ማህደር ታሪኽ ዝሰፍር ጸቕቲ ኣይተገብረን።*

*በይኑ ብምውሳን ንርእይቶ ንጹሃት ብኣካላዊ ቅንጸላ ምውጋን ዝለመደ ኢሳያስን ጉጅለኡን ብዘይዝኾነ ህዝባዊ ወኽሳ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ተወጢሑ። ብሓደ መዳይ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ክትከውን በቲ ካልእ ከኣ፡ ህዝቢ ኣብ ዘይጸሒ ኩናትን ብኽያትን ክነብር፡ ሃገር ኣብ ክንዲ ተስፋን ልምዓትን መቓብርን ጽልምትምትን ከወራ ምኽኑ ዘመላኸት፡ ድሕሪ ደጊም ናይ ውድባት ሓሸውየ ኣየድልን ዝብል መግለጺ ሂቡ። ነዚ ብዘይካ'ቶም ዝተፈለየ ርእይቶ ብምሓዞም ብሓሸውየ ከናሽዎም ዝፈተኑ፡ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝተሓንገጥዎ ብረት ከየውረዱ፡ ዕረፍትን ምቾትን ከይደለዩን ደኺምና ከይበሉን ቃልሶም ዝቐጸሉን ፖለቲካዊ ውድባት፡ ካብ ህዝቢ ብሓፈሻ ካብ 'ቲ ብቕዳሕ ግዳማዊ ኩናት ዘቤታዊ ኩናት ከም ዝቕጽል ነጋሪት ዳግማይ ደማዊ ኩናት ዝተወጀሉ ወገን ማለት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ከኣ ብፍላይ፡ ሕራይ በልካ ወዲኣፎም እንተዘይኮይኑ፡ ንሃገር ኣብ ዕግርግ ዘንብር ጸረ-ሰላምን ሃገራዊ ስኒትን መግለጺ ምኻኑ ኣሚኑ ብወግዒ ዝተቓወመ ኣይነበረን። እዚ ሽዑ ክብደቱን ሓደጋኡን ዘይተረደኦም ወገናት ግዜ ሓሊፉ ብግዜ ምስተተከአን ከም ውጽኢቱ ሞትን ዕንወትን ገሃድ ምስ ከነን ከጣዕሶም ይግባእ ነይሩ። ዛጊት ግን ዘይተጣዕሱ ኣለው።*

*"ዋዛ ይመስለክን ውሕጅ ይወስደክን" ከም ዝተባህለ፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር እንታይ ፖለቲካዊ ባህሪኡ ተግባሩን ኣኸል ታርፍ ውህሉል ተመክሮ እናሃለወ፣ እቲ ኣስታት 50 ዓመታት ዝወሰደ ሰላማውን ብረታውን ቃልሲ እንታይ ክምልስ ከም ዝተጀመረ፣ ሃገር ናበይን ከመይ ትኸይድ ኣላ ግቡእ ትኹረት ከይረኸበ፣ ንቅድመ መርድእ ኩናት ጸረ-ህዝቢ መግለጺ ኢሳያስ ብፍሉይ ኣብ ውሱናት ኤርትራውያን ጥራሕ ዝዓርፍ በትሪ ተወሲዱ፡ ነጻነትና ረኺብና ኣለና ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት ምጉንጻፍ ዘድልየና ነገር የለን። ሕጂ ካብ ናይ ህዝባዊ ግንባር ዝተፈለየ ሓሳብ፡ ካብ ወዲ ኣፈወርቂ ወጻኢ ካልእ መራሒ ክንርእን ክንሰምዕን ኣይንደልን ዝብል ድፉን ርእይቶ'ዩ ገዛኢ ነይሩ። "ገዛ ዘይሰርሕ ሰብኣይሲ ኣብኣ ደኣ በለት ሰበይቲ" ከም ዝበሃለ፡ ካብ ሕሉፍ ዘይመሃር ብስምዒት ዝምራሕ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ፡ ስትራተጂን ስልትን ፖለቲካዊ እምነት ዘይምርኮስ፡ ባህሊ ኣኼባ፡ ክትዕ፡ ዘተን ምንቕቓፍ ዘይብሉ ሰውራ እዚ ኮይናዮ ዘለና ከፍሪ ባህሪያዊ'ዩ።*

*ምስ ምብራር መግዛእታዊ ሰራዊት ካብ ኤርትራ፡ ብዘይካ'ቲ ኣቐዲሙ ንውልቃውን ጉጅላውን ስልጣን መሰረት ዝኾኖ ናይ ዓፈናን ቅንጸላን ባይታ እናንጸፈ ዝመጽአ ጉጅላዊ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ናይ ሎሚ ኢሳያስን መጋበርያኡን፣ ብወገን ህዝብን እቶም ኣቐዲሞም ኤርትራ ድሕሪ ምብራር መግዛእታዊ ሰራዊት እንታይ ከምዘጋጥማ ተረዲኦም ብዝተወደበ ኣገባብ ዝቃለሱ ዝነበሩ ፖለቲካዊ ውድባትን ብዙሕ ክግበር ዝከኣል ነገራት ነይሩ'ዩ። ዝበዝሕ ህዝቢ ክበሃል ዝከኣል ካብ ዘለዎ ድሩት ፖለቲካዊ ንቕሓትን ኣብ ኢሳያስን ህዝባዊ ግንባርን ካብ ዝነበሮ ዘይመትከላዊ ስምዒታዊ እምነትን፣ ፖለቲካዊ ውድባት ድማ ካብ ዝነበሮም ሕዱር ሕድሕድ ዘይምክብባርን ምጥርጣርን ዝብገስ፡ ሓቢሮም ነገራት ክሪኡ ክውስኑን ክትግብሩን ዘኽእሎም ባህርን ባህልን ስለዘይነበሮም፡ እዚ ሎሚ ኮይናዮ ዘለና ከይመጽእ ዝሕክም ወይ ቅድመ ክታበት ኣምሊጡ።*

*ብመሰረት ቅድመ መርድእ ኩናት ውልቀ መላኺ ኢሳያስ 20 ሰነ 1991 ቀስብቐስ ዘይኮነ ብኣዝዩ ቅልጡፍ ህዝብን ሃገርን ኣብ ሓደጋ ክውድቕ ኮይኑ። ጥሙር ርእይቶ ሒዙ ዘሕምም ውቅዒት ዘዕርፈሉ ህዝቢ ወይ ፖለቲካዊ ሓይሊ ስለዘይረኸበ እዚ እንኮ ሰባዊ ናይ ጥፍኣት ሓይሊ ኣንጊሁ ዝጠጀአ ብኩለንተንኡ ዝተዳኸመ ህዝቢ ናይ ምፍጣር መደብ ርዱእ ስለዝኾነ ኣብ ዝርዝሩ ከይኣተና ብዘይ ስግኣትን ሓላፍነታዊ ስኽፍታን ከተግብር ጀሚሩ። ብዘይካቶም ክሳብ ሎሚ በተመክሮ ገድሊ፡ ናይ ትማሊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናይ ሎሚ ስማዊ ሰልፊ ህግደፍ ናትና'ዩ ዝብል እምነት ዘለዎም፣ ብጠቕሚ፣ ብዝምድና፣ ብከባቢ ምስኡ ተላጊቦም ኣብ ገበናዊ ተግባራት ተዋፊሮም ዘሳስዩ ዘለው፡ እቲ ዝበዝሕ ተጸመም ንዝብል ሽጣራ ኢሳያስ ተርቢዑ ለውጢ ኣብ ዘቋምተሉ ተሰጋጊሩ ክንሱ፡ ብግቡእ መሪሑ ዘቃልሶ ስኢኑ እነሆ ኣብ ጽልምትምት ይርከብ። እሞ ብፖለቲካዊ ውድባት ክግበር ዝነበሮ ግን ዘይተገብረ ብጭቡጥ እንታይ'ዩ?*

**ሳልሳይ ክፋል ይቕጽል**

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 31-10-2018*